# ኣእዳው ምልኪ ክምንቈስ

ኣብዚ ዝሓለፈ ሰሙናት ኣብ ሽወደን " ኣለናልኪ " ከዋቕዕዎ ዝጸንሑ ዳንኬራ መበቈሉ እንታይ'ዩ? እዚ ሕቶ'ዚ ንምምላስ ታሪኽ ማሕበራትን ውድባትን ኣብ ሽወደን ብመጠኑ ምትንካፍ ከድሊ'ዩ። ማሕበራት ክንብል ከለና እቲ ብሰሙን ኣብ ወረቐት ዝሰፈረ ቀዋሙን፡ ብመሰረት ኣተሓሳስባ ህዝባውያን ማሕበራት ሽወደን፡ ካብ ፖሊቲካውያን ሰልፍታትን ሃይማኖታውያን ትካላትን ነጻ ኮይኑ ብዝሓንጸጾ ዕላማን መደብ ስራሕን ዝንቀሳቐስ ማለት'ዩ። ብኻልእ ከም ኣተሓሳስባ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ኣብ መጀመርያ ሰማንያታት፡ ወጻኢ ካብ ፖሊቲካዊ ውድባት ብኣብ ስደት ዝነብሩ ኤርትራውያን ዝቖውም ማሕበረ ሰባት ኤርትራውያን፡ ንኣብ ስደት ዝነብር ኤርትራዊ ፖሊቲካዊ ውድባት ኣባልነቱን ኣተሓሳስቡኡን ብዘየገድስ፡ ንኩሉ ኤርትራዊ ዝጠምር ኣብ ማሕበራውያን ባህላውያን ጉዳዩ ኣተኲሩ፡ ብፍላይ ኣብ ስደት ዝተወልዱን ዝዓብዩን ዘሎዉ ቈልዑ፡ ቋንቋኦም ኣብ ምምዕባልን ሓፈሻዊ መበቈል ወለዶምን ሃገሮምን ዝፈልጡሉ፡ ንዘጋጥም ማሕበራዊ ሽግራት ንምፍታሕ ናይ ሓባር ኤርትራዊ መደብ ምውጻእን፡ ጠንቂ ሽግራት ምልላይን ኣብ ዝብል ህዝባዊ ሓሳብ፡ ማሕበር ከም መሳርሒ ምምስራት ዝብል ትልሚ ሓንጺጹ።

እዚ ቀዳማይ ኣብ ታሪኽ ስቪላዊ ማሕበራት ዝተሰረተ ሓሳብ ስርዓት ሽወደን፡ ወጻእተኛታት ከም ተቐማጠን ኣካልን ሕብረተ ሰብ ሽወደን፡ ነጻ ማሕበራቶም ከቑሙ ዘፍቕድ ሕግን ስርዓ ትን ምህላው ኣብሪሁ ንረብሓኦም ክጥርነፉን ማሕበራት ከቑሙን ጐስጓሳት የካይድ ነይሩ።
ህ.ግ.ሓ.ኤ. በቶም ሽዑ ዝነበሩ ኣባላት ሓፋሽ ውድባት ብዝረኸቦ ጸብጻብ፡ መነባብሮ ኤርትራውያን ብሓደ ወገን፡ ዝተጠቕሰ ስርዓተ ሽወደን ኣብ ምቛም ማሕበራትን ተረዲኡ ንስሙ ወጻኢ ካብ ሓፈሽ ውድባት ንዝቖውም ማሕበር ደጊፉ። በዚ ኣገባብ ኤርትራዊ ማሕበረ ሰብ ኣብ ሽወደን ብ1982 ዓ.ም. ብኣባላት ሓፋሽ ውድባት ህ.ግ.ሓ.ኤ. ኣብ ስቶኮሆልም - ሶልና ኡፕሳላ ቈይሙ። ኣብ ስቶኮሆልም ብስም ማሕበረ ሰብ ክበብ ተኸፊቱ። ብነጻ ግልቦት ኣባላት ሓፋሽ ውድባትን፡ ባዕሎም ንዝሰርሕዎ ምግብን መስተን ብዝገዝእዎን ድለባ ገንዘብ ዓብዩ። ዝተደለበ ገንዘብ ብቐጥታ ናብ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ይለኣኽ ነይሩ። ኣብ 1985 ዓ.ም. ድሕሪ ምቛም ህ.ግ.ሓ.ኤ. ናይ 15 ዓመት ገምጋም ተባሂሉ፣ ብስብሓት ኤፍረም ዝምራሕ ካብ ዝተፋላለያ ክፍሊ ዓለማት ዝተወከሉ ኣባላት፡ ኣብ ፒዛ ኢጣልያ ኣኼባ ተኻይዱ። ኣብዚ ገምጋም ሓደ ካብ ዘዛረበ፡ ብዛዕባ ዝበቑላ ዝነበራ ማሕበረ ሰባት'ዩ። ካብዚ ዝተበገሰ፣ ኣብ 1985 ንኣብ ሽወደን ዝነበረ ማሕበር፡ ኩሉ ኤርትራዊ ዝሓቍፍ ክኸውን ኣሎዎ ብምባል፡ ኣብ መሪሕነታት ቅርጽታት፡ ዘይኣባላት ሓፋሽ ውድባት ክኣትዉዎን፡ ብፍላይ እቶም ብምኽንያት ፖሊቲካዊ ፍልልይ መርገጺ ኤርትራውያን ንነጻነት ሰሜን ኣመሪካን፡ ኣብ ልዕሊ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ዝወሰዱዎ ኩነናን፡ ኣብ መወዳእታ ሰብዓታት ተቐልቂሉ ዝነበረ ግርጭት ፈቲሕካ፡ እንተወሓደ ኣብ ማሕበረ ሰባትን ማሕበር ረዲኤት ኤርትራን ክዋስኡ ጐስጓስ ኪካየድ ስትራተጂ ወጺኡ። ኣብ ሽወደን ድሕሪ ሰለስተ ዓመት እቲ ስትራተጂ ሰሪሑ ክበሃል ይከኣል። ኣብ ወርሒ መጋቢት 1988 ዓ.ም. መዓስከር ናደው ኣብ ኣፍዓበት ብህዝባዊ ሰራዊት ዓንዩ። መሪሕነት ህ.ግ.ሓ.ኤ. ንውጽኢቱ ኣብ ህዝቢ ምቅላሕ ኣካይድሉ። ከም ሳዕቤን እተን ብኽተት ዝፍለጣ ዝነበራ ሽማግለታት ብምቛም፡ ንህዝባዊ ሰራዊት ንምሕጋዝ ተባሂሉ ድለባ ገንዘብ ተኻይዱ። ምዕባለኡ ኣብ ሞንጎ ሽማግለ ክተትን ኣባላት ሓፋሽ ውድባትን ምፍሕፋሕ ኣምጺኡ። ቅድሚ ምዕናው ናደው ኣበይ ነርኩም? ኣብ ግዜ ሻድሻይ ወራር (1982) እንታይ ትገብሩ ነርኩም? ዝብልን፡ ሓፋሽ ውድባት ንቃልሲ ንበይነኦም'ዮም ክገብሩዎ ዝደልዩ ዝብልን፡ ነዚ ግርጭት'ዚ ዝዘርእ ዝነበረ ወኪል ህ.ግ.ሓ.ኤ. ኣብ ሽወደን ጸጋይ ድንሽ'ዩ። ድንሽ ግን ዝተቐበሎ መምርሒ ኣብ ግብሪ ዘውዕል እዩ ነይሩ። ምኽንያቱ 1990 ዓ.ም. ሓፋሽ ውድባት ህ.ግ.ሓ.ኤ. ብመምርሒ መሪሕነት ህ.ግ.ሓ.ኤ. ብወግዒ ከም ዝድስክል ተገይሩ። እዚ፡ እቲ ደሓር ንምኒስተራትን ጀነራላትን ነባራት ኣባላት ህዝባዊ ሰራዊትን ዘደስከለት ዝጸንጸለትን መምርሒ ብኢሳያስ ኣፈወርቂ ዝተሃንደሰት ምኺናዩ ዘብርህ። ኤርትራ ብ1991 ዓ.ም. ብወርሒ ግንቦት ብጀጋኑ ደቃ ነጻ ወጺኣ። ጸላኢ ተሳዒሩ መግዛእቲ ተመንቊሱ።

ድሕሪ ምድስካል ሓፋሽ ውድባት፡ ንኤሪትራዊ ማሕበረሰብ ኣብ ሽወደን ካልእ ናይ ምዕናው ስትራተጂ ብህ.ግ.ሓ.ኤ. ወጺኡሉ። ወኪል ህ.ግ.ሓ.ኤ. ጸጋይ ድንሽ ብ1992 ወርሒ ለካቲት ንኤርትራ ከይዱ፡ ኣብ መጋቢት ካልኣይ ሰሙን ንሽወደን ተመሊሱ። ብዕለት 14 መጋቢት 1992 ኣብ ስቶኮሆልም ናይ ህዝቢ ኣኼባ ኣካይዱ። ካብ 500 ክሳዕ 800 ዝኾኑ ኤርትራውያን ተረኺቦም ነይሮም። ዑደቱ ኣብ ኤርትራ ከመይ ከምዝነበረ መብርሂ ሂቡ። ብዛዕባ ግብሪ 2% ኣተንቢሁ። ኣብዚ ኣኼባ እዚ፡ ኤርትራዊ ማሕበረ ሰብ ኣብ ሽወደን ዲሞክራስያዊ ከምዘይኮነ፡ ካብ መንግስቲ ሽወደን ዝረኽቦ ሓገዝ መባኣሲ ስለ ዝኾነ፡ ጠጠው ክብል ዘለኒ ሓይሊ ክጥቀምየ ኢሉ። ህዝባዊ ምንቕስቓስን ነጻ ማሕበራትን “ ጸረ ምልካዊ መደብ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ኮይኑ ከምተወሰደ ካብ ተነጸረሉ ዕለት'ዩ። ” ጸጋይ ድንሽ ኣቕድም ኣቢሉ ናይ ምምቕቓል <u>ሜላኡ</u> ኣብ ሽማግለ ኤማሽ ኣታኣታትዩ ጸኒሑ'ዩ። ንመገዱን ለኣኽቱን ኣስተብሂሎም ክነቕፉ ዝከኣሉ፡ ክንጽልን ከጸልምን ጀሚሩ። ፋሽሽታዊ ፈላላይ መርበቡን፡ መርዛም ዘመቱኡን ክእርም ደብዳቤ ተጻሒፉሉ። መልሲ ከይሃበሉ ኣብቲ ናይ ረፈረንዱም መስርሕ ተኣትዩ። ሽማግለ ኤማሽ ንረፈረንዱም ቀዳምነት ብምሃብ፡ ኣብ እዋኑ ምስ ኮሚሽን ረፈረንዱም ንምዕዋቱ ሰሪሑ። መስርሕ ረፈረንዱም ኣብ ግንቦት 1993 ተዛዚሙ።

ኣቦ መንበር ኮሚሽን ረፈረንዱም ኣብ ስካንዲናቭያ ወልደኣብ ኢሳቕ፡ ኣምባሳደር ኣብ ኖርዲክ ሃገራት ተሸይሙ፡ ካብ ኣስመራ ዝመጸ ወኪል ህ.ግ.ሓ.ኤ. ጸጋይ ድንሽን ገምጋምን ውጽኢትን ረፈረንዱም ንምግባር ካብ ሽወደን፡ ደኒማርክ፡ ነርወይ ዝመጹ ኤርትራውያን ዝተኻፈልዎ፡ ንዝገብሩዎ ጹቡቕ ስራሕ ንምምስጋን። ተሪፉ ዘሎ ዕማም ንኹሉ ኤርትራዊ ዝጥርንፍ ዓረም ሸሻዊ ማሕበር ምምስራት ምዃኑ መምርሒ ዝዓይነቱ መግለጺ ሂቦም። ኣብቲ ኣኼባ ዝተኻፈሉ ገለ ኣባላት ኤማሽ፡ ዝጸንሔ ማሕበራት ኣጸሊምካን ደምሲስካን፡ ክግበር ዝድለ ማሕበር ደጊም ክህሉ ኣይክእልን'ዩ ብምባል፡ ተቓውሞኦም ነቐፌታኦም ኣሚቶም። ድልየቶምን ዕላማኦምን ግን ኣይሰለጦምን ድኣ'ምበር ወፈራ ኣካይዶሙሉ። ዓረምሸሻዊ ማሕበር ንምምስራት። ኤማሽ ግን ኣብዚ ጠጠው ኣይበለን። <u>ክሳብ ሎሚ ተጸቢና</u> ብዝብል ኣርእስቲ ፍሉይ ሕታም ኣብ መጽሔቱ ኣስፊሩ፡ ንነውራም ስራሓት ኣምባሳደር ድንሽ ኣቃሊዑ። ንዘይቅኑዕን ደርቋስን ስራሓት ህ.ግ.ሓ.ኤ. ነቒፉ። እቲ ብፍላይ ኤማሽ ኣታሓሕዛ ገንዘቡ ርጡብ ኣይኮነን ዝብል ክሱ ኸኣ ብኸምዚ ምስተታሕዘ፡ ነታ ንኤማሽን ንዕኡን ከተጽንዕ ካብ ኤርትራ ዝተላእከት ሽማግለ <u>ኣይበልኩን፡</u> ብዛዕባ ኣተሓሕዛ ቍጠባኦም ዝፈልጦ የብለይን ክብል ኣሉ ኢሉ። እንታይ'ሞ ክግበር፡ ባዕሎም ከሰስቲ ባዕሎም ፈረድቲ ስለ ዝኾኑ፡ ካብ ሽወደን ጥራይ ኣውጺኦሞ። ፕረሲደንት ከኣ ኣብ ቤት ጽሕፈቱ ሓላፊ ፕሮቶኮል ገይሩ ንገለ ዓመታት ድሕሪ ምሓዝ፡ ኣምባሳደር ኣብ ቻይና ሸይሙዎ። ካብ ሽወደን ዘውጽኦ ወጻኢ ጉዳይ ሚኒስተር ነበር ጴጥሮስ ሰለሙን ከኣ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ኣሎ።

ኣምባሳደር ጸጋይ ድንሽ ኣብቲ እዋን'ቲ ንብቑዋምን ሕግን ዝከይድ ማሕበር የጸልመሉ ኣብ ዝነበረ እዋን፡ ብኽበብ ዝጽዋዕ ብእኡ ዝምእከል ትካል ገይሩ፡ ኣታዊኡ ምቍጽጻር ዘይብሉ ኣብ መመዓልቲ ኣብ ኢዱ ይርከቦ ነይሩ። ካብ ዝተኣከበ ገንዘብ ብዘይተፈልጡ ዘረፍቲ ተወሲዱኒ ብምባል፡ ኣማእት ኣሻሓት ዶላር ጠፊኡ። ብዛዕባ'ዚ ርጡብ መርመራ ከይተገብረ ዛንታ ኾይኑ ጥራይ ተሪፉ። ብዛዕባ ገንዘብ ህዝብን ሃገርን ሎሚ'ውን እንተኾነ ክሳዕ 600.000.000 ሚልዮን ዶላር ብስም ኢሳያስ ኣፈወርቅን ሓጎስ ገብረሂወት (ክሻ) ስሙ ዘይተፈልጠ ሳልሳዮምን ኣብ ክቕበሎኦም ዝኽእላ ባንክታት ወጻኢ ሃገራት ኣሎ ተባሂሉ ይንገር ኣሎ።

ኤማሽ ካብ 1994 ክሳዕ 2000 ዓ.ም. ንኹሉ መናውራን ጸቕጥን ወከልቲ መንግስቲ ኤርትራ ተሸኪሙ፡ ኣይምዉት ኣይህልው ኮይኑ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ኣብታ መራሕቲ ህ.ግ.ደ.ፍ. ብሕግን ቍዋምን እትምራሕ ሃገር ክትህልወና ኣለዋ ኢሎም ዝጠለቡላን ዝተኣስሩላን ዓመት 2001 ንመንግስቲ ኤርትራ ብሰላም ምልማን እንተዘይኮይኑ ካልእ ኣይገበረን። ቅሉዕ ፋሽሽታዊ ተግባራቱ ምስ ኣግሃደ ግን ብዝተፋላለየ መገዲ ከም ማሕበር እኳ እንተዘይኮነ፡ ገለ ኣባላቱ ምስ ካልኦት ደሞክራስያውያን ሓይልታት ብምዃን፡ መግለጽን ሰላማዊ ሰልፍታትን ኣብ ምክያድ

ተሳቲፎም። 2001 ዓ.ም ብሰንኪ ቅሉዕ ግህሰት ሰብኣዊ መሰላት መንግስቲ ኤርትራ ብግሁድ ምቅዋም መጺኡ። ኣብ ሸወደን ዘሎዉ ተቓወምቲ ካብቶም ቀዳሞት ብስም ሲቪካዊ ማሕበራት ኣድማን ሰላማዊ ሰልፍታትን ዘካየዱ'ዮም። ብማሕበራት ምጥርናፍን፡ ኣብ መንግስታዊ ትካላት መንግስቲ ሸወደን ምምዝጋብን ማዕቢሉ። ብኸምዚ ዝሰጐመ ማሕበር ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ ንደሞክራሲ ኣባልነት ኣብ ኤማሽ ሓቲቱ። ብመሰረት ቀኑዋም ኤማሽ ኣባልነት ዘፍቅድ ሸማግለ ኤማሽ እዩ። ትሽዓተ ምሉኣት ኣባላት ድምጺ ሂቦም። ሽዱሽተ ኣባላት ሸማግለ ንኣባልነት ናይ'ዚ ማሕበር ክፍቀድ ኣድሚጾም። ዘርኣጽዮን ዝርኣይ፡ ምናሴ ዮሴፍ ተቓዊሞም። ሪታ ገብረስላሴ ድምጺ ኣይሃበትን።

ድሕሪ ውሳኔ ሸማግለ ኤማሽ ምፍቃድ ኣባልነት ዝተጠቕሰት ማሕበር፡ ኣብ ሓጺር ግዜ ካብ ኣብ ሶልናን የተበርግን ዝነበራ ማሕበራት ኤማሽ ተቓውሞ መጺኡ። እዛ ኣብ ኤማሽ ኣባልነት ሂብኩማ ዘሎኹም ማሕበር ናይ ፖሊቲካ ማሕበር'ያ ብዝብል መበገሲ። ሸማግለ ኤማሽ ውሳኔኡ ሕጋውን ቅዋማውን ኮይኑ፡ ውሳኔኡ ብዝኾነ ኣካል ንድሕሪት ከምዘይምለስ ጠቒሱ። ሕቶኦም ኣንጻር ቀኑዋም ምዃኑ ኣብሪሁ። መልእኽቶም ክእርሙ መምርሒ ሂቡ። ኣብ ሶልና ዝነበረ ማሕበር ይእረም ክብል ከሎ፡ ኣብ የተበርግ ዝነበረ ማሕበር መምሪሒኹም ተረዲኡና ኣሎ፡ ኣብ ጉባኤ ኸኣ ንዛረበሉ ዝብል መልሲ ኣስፊሮም።

ጉባኤ ኤማሽ ግንቦት 10 - 2003።

ኤማሽ ካብ ዝምስረት ኣትሒዙ ንግዜ ጉባኤኡ ብመሰረት ቀኑዋሙ ኣማሓላሊፉ ኣይፈልጥን። ከምቲ ባህሉ ኸኣ እዛ ተጠቒሳ ዘላ ዕለት ብወግዒ ንማሕበራት ኤማሽ ተኣዊጃ። ብመሰረት ቀኑዋም ወከልቲ ክምረጹን፡ ውክልና መሰል ዘለዋ ዓመታዊ ጉባኤ ዘማለኣትን ምዃኑ መምርሒ ተዋሂቡ። በዚ መሰረት ጉባኤ ተጸዊዑ። ኩሉ ግዜ ነፍሲ ወከፍ ኣባል ዘተኩረሉ ቀኑጠባዊ ጸብጻብ'ዩ። ስለዝኾነ ንጹርን ጹፉፍን (ቀኑጽሪ ስለዝኾነ) ኮይኑ'ዩ ዝቐርብ። ቅድሚ ናብ ጉባኤ ምቕራቡ ተሓዝ ገንዘብን ተቈጻጸርትን ምቹእ ግዜ ረኺቦም ኣቀዲሞም ይምርምሩ። ናይ'ዚ ዝተጠቕሰ ጉባኤ መስርሕ'ውን ብኸምዚ ዝተባህለ ኣገባብ'ዩ ተሰሪሑ። ተቈጻጸርቲ ብርሃነ ተስፋማርያም፡ ሰለሙን ኣሰፋው እዮም ነይሮም። ክልቲኦም ካብ ሶልና። ምስ ተሓዝ ገንዘብ ኤማሽ ኣብ ስቶኮሆልም ተራኺቦም ምቀኑጽጻር ገይሮም። ብኡ መሰረት ተሓዝ ገንዘብ ጸብጻቡ ኣጻፊፉ ኣብ ጉባኤ ኣትዩ። እቲ ካልኣይ ክፋል ጸንጻብ፡ ኣብ ውሽጢ ዓመት 2002 ዝነበረ ንጥፈታት ማሕበር እዩ። እዚ ብጽሑፍ ተዳልዩ ቀሪቡ። በዚ መሰረት ጉባኤ ተጀሚሩ። ኣብ ምጽራይ ወከልቲ ነዊሕ ግዜ ወሲዱ። ንዓመታት ጠፊኦም ዝነበሩ ወከልቲ ማሕበር መንኣሰይ ኢና ኢሎም ክኣትዉ ስለዝፈተኑ፡ ወከልቲ ኮይኖም ክኣትዉ ከምዘይክእሉን ምስ ተነጽጉ፡ መራሕቲ ጉባኤ ብኣቦ መንበር ጉባኤ ክኸውን ዝተመርጸ ወልደሚካኤል ገብረ እናተመርሐ፡ ኣብ ቀሪቡን ጸዲቑን ዝነበረ ዛዕባታት ጉባኤ ስርሑ ቀጺሉ። ዓመታዊ ምንቅስቓሳት ኤማሽ ኣብ ዝብል ኣርእስቲ ተኣትዩ። ኣብ ኣባልነት ህዝባዊ ምንቅስቓሳት ንዲሞክራሲ ምስተኣትወ፡ ወከልቲ የተበርግ ምስ ገለ ክፋል ወከልቲ ሶልና ብምትሕብባር፡ ንውሳነ ሸማግለ ኤማሽ ምፍቃድ ዝተጠቕሰ ማሕበር ብምቅዋም፡ ካብ ቅጥዒ ዝወጸ ጫው ጫውታ ፈጢሮም ንጉባኤ ጓቲቶሞ። ብወገን ሸማግለ ኤማሽ ኣጋባቦም ወጻኢ ካብ ቀኑዋም ምዃኑ ከብርሁ ፈቲኖም። ጉባኤ ልዕሊ ሸማግለ ዝብል መጎተ ኣምጺኦም። ሸማግለ ኤማሽ ከስርሕ ዝጸንሖ ቀኑዋም ጽኑዕ ኮይኑ፡ ጉባኤ እንተደልዩ ቀኑዋም ብኸምቲ ዝደልዩዎ ዝነበሩ ክመሓየሽ እንተመሪጹ ኪገብር ይኽእል'ዩ። እዚ ግን ሎሚ ኣብዚ ዝግበር ኣይኮነን ኣብ ዛዕባ ስለ ዘይሰፈረ። ብመሰረቱ ንመጻኢ ደኣ'ምበር ንብዝጸርሐ ዓንቀጽ ቀኑዋም ዝተወሰደ ውሳነ ዝትንክፍ ከም ዘይኮነ መግለጺ ተዋሂቡ።

እዚ መግለጺ'ዚ ንሰዓብቲ ደፈንቲ ቀኑዋም ዘዕግብ ኣይነበረን። ሕግን፣ ሕጊ ዘፍቅዶ ዝተወሰደ ውሳነን፡ ብታህዲድን ዕግርግርን ከም ጎይቶቶም ልዕሊ ሕጊ ኪኾኑ'ዮም መሪጾም።

ኣቦ መንበር ጉባኤ ሓበረታ ሸማግለ ኤማሽን ቀኑዋም ዝብሎን ኪሰምዑ፡ ስራሕ ጉባኤ ኪቅጽል ደጋጊሙ ኣተሓሳሲቡ። ጸረ ቀኑዋም ዝኾኑ ወከልቲ የተቦርግን ሰዓብቶምን ግን ዕንደሮኦም ቀጺሎም። ኣቦ መንበር ጉባኤ ብኸምዚ እተርእይዎ ዘሎኹም ጉባኤ ኪቕጽል ኣይክእልን'ዩ ኢሉ

ምስ ሓበረ፣ ተሓዝ ገንዘብ ኣነ ብወገነይ ንነዊሕ ግዜ ኪገይሽ ስለ ዘኾንኩ ጸብጻብ ገንዘብ ክህብ መታን፡ ትዕግስቲ ክትገብሩ ዝሓሸ'ዩ ኢሉ ፍሉይ ሓበረታ ሂቡ። ነዚ'ውን ግምት ኣይሃቡዎን። ኣቦ መንበር ጉባኤ ንዕግርግርን ቀይዲ በተኽን ስርሑም ኣብ ግምት ብምእታው ጉባኤ ግንቦት 10 - 2003 ኪቋረጽ ኣዊጁ። በዚ ኸኣ ጉባኤኛ ፋሕ ኢሉ።

ሕዳር 2003። ተሓዝ ገንዘብ ካብ መገሸኡ ተመሊሱ፡ ፈጻሚ ሽማግለ ኤማሽ ኣኼባ ሽማግለ ኤማሽ ጸዊዑ። ብዘይካ ምናሰ ዮሴፍ ኩሎም ተረኺቦም። ወልዱ ኪዳነ፣ ንምናሴ ተካኢ ኮይኑ ተኻፊሉ። ብመሰረት ተሰሪዑ ዝነበረ ዞዕባ ኣኼባ ኣብ ስራሕ ኣትዩ። ኣብ ዛዕባ ሰፈሩ ዝነበረ ሓደ፣ ጠንቂ ምቍራጽ ጉባኤ ወከልቲ የተበርግ ምኧኖም፡ ኣጋባቦም ካብ ቀዋም ወጻኢ ምኧኑን፡ ካብ ኤማሽ ክወጹን ብፈጻሚት ሽማግለ ዝቐረበ እማመ ንውሳነ ፣ ዘርኣጽዮን ዘርኣይ፡ ሪታ ገብረስለሴ፡ ወልዱ ኪዳነ ተቓዊሞም። ብድምጺ ኪሓልፍ ሓሳብ ኣብ ዝቐረበሉ፡ ንእኼባ ገዲፎም ከይዶም። እቲ ውሳኔ ምውጻእ ማሕበር የተበርግ ኸኣ ብዝተረፉ ሽማግለ ተወሲኑ።

ብድሕሪ'ዚ ካልኣይ ፈተነ ጉባአ ንዕለት 23 ታሕሳስ 2003 ኣብ ኡፕሳላ ኪግበር ተወሲኑ። ወከልቲ ጉባኤ እቶም ኣብ ዕለት 10 ግንቦት 2003 ዝወከሉ'ዮም። ኣብዚ ጉባኤ'ዚ የተበርግ ካብ ኤማሽ ከምዝወጹ ተሓቢሩዎም ክነሱ፡ ካልኦት መንእሰያት ካብ ስቶኮሆልም ኣሰኒዮም መጺኦም። ኣቦ መንበር ኤማሽን ጸሓፍን ኪወጹ ሓቲቶሞም። ኣብዮም። ብኣንጻሩ ንፈጻሚ ሽማግለ ካብ ዝደየብዎ መድረኽ ከልግሱ ብነድሪ ሓቲቶም። እዚ ዝረኣየን ዝሰምዐን ኣብ ዕለት 10 ግንቦት 2003 ዝተመርጸ ኣቦ መንበር፡ ንረበሽቲ ስነ ስርዓት ኪገብሩን፡ ብሽማግለ ኤማሽ ዝተወሰደ ውሳነ ቅኑዕ ምኧኑ ኣነጺሩ። ብኸምቲ ዝመጽዎን ዝገበርዎን ሕጂ'ውን ጉባኤ ከም ዘይግበርን፡ ኣብ ዝምችእ ግዜ፡ ተወሳኺ ጉባኤ ክሳዕ ዝጽዋዕ ሓላፍነት ንሽማግለ ኤማሽ ገዲፉዮ ኣሎኹ ኢሉ ምስወጸ፡ ብዘይካ ረበሽትን ገለ ወከልቲ ካብ ሶልናን ኣሰነይቶምን ኩሎም ወከልትን ኤርትራዊ ማሕበረ ሰብ የተበርግ ካብ ኤማሽ ኪስጐጉ ዝወሰኑን ወጺኦም። ረበሽትን ተሓባበርቶምን ኣብቲ ብሽማግለ ኤማሽ ዝተዳለወ ኣዳራሽ ናቶም እኼባ ክገብሩ ምስ ፈተኑ፡ ኣቦ መንበር ኤማሽ ፖሊስ ጸዊዑ ከምዝወጹ ገይሩ። ድሕሪ'ዚ ኩሉ ምጽባእ ዝተረፈ ሽማግለ ኤማሽ ብዕለት 25 መስከረም 2004 ቀዋም ኤማሽ ንዝቕበሉ ወከልቲ ማሕበራት ጸዊዑ ጉባኤ ኣካይዱ። እቲ ኣብ ዕለት 10 ግንቦት 2003 ቀሪቡ ዝነበረ ዉዱእ ጸብጻብ ኣቕሪቡ ሓድሽ ሽማግለ መሪጹ። ጸብጻባቱ ኸኣ ንIntegrationsverket (በዓል ስልጣን ውህደት) ኣረኪቡ።እዚ ክሳብ ሕጂ ዝተጠቕሰ ፍጻመታት መበቈል ግርጭቱ ስሱዕን ዓብላልን ንኹሉ ህይወት ኤርትራውያን ኣብ ትሕቲ ምቑጽጻሩ ከእቱ ብዘይ ዕረፍቲ ዝንቀሳቐስ ርኹስ ኣብ ውሽጢ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ተኸዊሉ ጸኒሑ፡ ብ1994 ዓ.ም. ዝተጋህደ ገዛኢ ሰልፊ ህ.ግ.ደ.ፍ. እዩ። ኣብ ውሽጢ ኤማሽ'ውን ንዓ መታት ኣብ ውሽጡ ኮይኑ ክሰርሕ ጸኒሑ። እቲ ናይ ብሓቂ ምግላጽ ምስ ተጋህደ፡ ንኤማሽ ኣዕንዩ ወይ ኸኣ ኣብ ትሕቲ ምቍጽጻሩ ጨውዩ ኪሓድር፡ ኣብ ዝለዓለ ፈተኑኡ ይርከብ። ማሕበር፡ ውድብ፡ ሰልፊ ኣብ ዕላማኻ እትበጽሓሉ መሳርሒ ደኣ'ምበር ንርእሱ ዕላማ ኣይኮነን። ህ.ግ.ደ.ፍ. ብዘሎዎ መሳርሒ ስለሉኡ ህዝቢ ፋሕ ኣብ ምባልን ምቍጽጻር ኣብ ዘጥፍእ ከዕኑን ድሕር ኢሉ ኣይፈልጥን።

መሪሕነት ህ.ግ.ደ.ፍ. ብፍላይ እታ ንኤርትራን ህዝባን፡ ካብ ዝምዕብል ዝነበረ ፖሊቲካዊ ጽልግልግታ፡ ብ18 መስከረም 2001 ኣብ ፍጹም ፖሊቲካውን፡ ቍጠባውን፡ ማሕበራውን ጸልማት ምስ ነቐታ፡ ንተግባሩ ኣብ ህዝቢ ብራዕድን ምፍልላይን ከስፍን፡ ኣብ ፍጹም ፋሺሽታዊ መስርሕ'ዩ ኣትዩ። ኣብነት ክንጠቕስ፣ ስርዓት ኣስመራ በብግዜኡ ብዝተፋላለየ ኣስማት'ዩ ዝንቀሳቐስ። ኣብ 2002 ብስም መኸተ ጭሮሖ “ወትሩ ንሓፋሽ” ብምፍርራህ ገንዘብ ካብ ህዝቢ ዝገፍፍ ኣዋፊሩ ነይሩ። ብዕለት 01-12-2002 ኣብ ብድሆ - ኮም ኣብ ዝወጸ መልእኽቲ መኸተ እንተሪኢና ሸሞንተ ነጥብታት ዝሓዛ መግለጺ ውጽኢት ኣኼባኦም ዘርጊሖም ነይሮም። ቍ. 2 ከምዚ ትብል “እዞም ንህዝቢ ኤርትራ ንውክል ኢና ዝብሉ ውዲተኛታትን ከደዓትን ብዘይ ውክልና ህዝብን መንግስትን፡ ኣብ ኣዲስ ኣበባን ካርቱምን ኮይኖም ምስ ስርዓታት ኢትዮጵያን (ወያነ) ሱዳንን ዝገብሩዎ ዘሎዉ ርክብ ዘይቅቡልን፡ ብክድዓት ዝግምገምን ምኧኑ እናገለጽና፡ ኣትሪርና ንኹንን ካብ ኩሉ ህዝባዊ ንጥፈታት ከኣ ክንጸሉ ንጽውዕ።” እዚ ህ.ግ.ደ.ፍ. ከም እንኮ

ገዛኢ ሰልፊ፣ ደረት ዘይብሉ ስልጣን ምሃብ ንሓደ ሰብ፣ ንዝቃወም፣ ብዘይ ፍርድን ሕጋዊ ኣገባብን ንኤርትራዊ ምእሳር፣ ምጭዋይ፣ ምቕታል፣ ብዘይካ እታ ካብቲ ሓደ መራሒ እትፍልፍል መርዛም ሓሳብ፣ ዝኾነ ካልእ ርእይቶን ነቐፌታን ዘይትቕበል'ያ። ንመምርሒ እንኮ መራሒ እንተዘይተቐቢልካ ውልቀ ሰብ ይኹን፣ ውድብ፣ ሰልፊ ኣብ ኤርትራ ቦታ የብሉን። ብዝተኻእለ እቶም ንመምርሒ ሓደ ሰብ ዝግዝኡ፣ ንነብሶም ከም ፍሉያት ፍጡራት ሳዕለዎት ኤርትራውያን ንምቍጻር “ልዑል ሃገራውነት” ዘሎዎም ኮይኑ ክስሞየም ዘየባትኽ ጕስጓስ ዘካይድ ስርዓት፣ ኣብ ታሪኽ ካብ ዝተገልጹ ፖሊቲካዊ ገዛእቲ ከተማዛዝን እንተፈቲንካ ብተግባሮም መራሕቲ ህ.ግ.ደ.ፍ. ፋሽሽታውያን ኢዮም። እዛ ኣብ ላዕሊ ዝተገልጸት መግለጺቶም ደጊምና ነስተብህለላ፣ “ካብ ኩሉ ህዝባዊ ንጥፈታት ከኣ ክንጸሉ ንጽውዕ” ስርዓት ኣስመራ ካብዚ ንላዕሊ ኪገልጾ ዝኽእል ሰራም መግለጺ ክንጽበ ኣይንኽእልን ኢና። እቶም ገርህኛታት ኣካል ውጹዕ ህዝብና ብዝተጠቕሰ ፋሽሽታዊ መግለጺ ምስ ዓወሩ፣ ንእንኮ መራሒና ዝቃወም ኣብ መርዓናን ቀብሪ ቤተ ሰብናን ኪካፈሉ የብሎምን ክብሉ ጀሚሮም። እዚ ከም ዝምባለ ብግብሪ ክርአ ጀሚሩ ነይሩ። እቲ ብተቓወምቲ ኣብ ዝጽዋዕ ኣኼባ ኣብ ቅድሚኦም ብዝጸንሖም ዝድርበ ነገራትን፣ ኮፍ ዝበሉሉ ወናብራት ኣልዒሎም ምስንዳውን፣ ኣብ ታሪኽ ዝተመዝገበ ተርእዮ'ዩ። ህ.ግ.ደ.ፍ. ንህዝቢ ንምምቕቓልን ምንቛትን እምበኣር ዘይተጠቕምዎ እከይ ኣገባብ የለን። ኣዚ ኣብ ውሽጢ ኤማሽ ዝጸንሐ መናውራ ኸኣ ናይዚ መሓውር'ዩ። ነቲ “ካብ ኩሉ ህዝባዊ ንጥፈታት ከኣ ክንጸሉ ንጽውዕ” እትብል ፋሽሽታዊት ኣዋጆም፣ ንሲቪካዊ ማሕበር፣ ኣብ ሲቪካዊ ማሕበር ኤማሽ ኘኸይኣቱ ተንቃሳቒሶም። እቲ ሓቂ እዚ ክነሱ፣ ንፍሉያት ውልቀ ሰባት ጠቒስካ ምጥቃዕን ኘኽሕደትን ክድዓትን ሃገር ከጸልሙ ቀጺሎሞ። እዚ ሓድሽ ኣይኮነን፣ እዚ ሰራም ህግደፋዊ መናውራ ንዓመታት ኣብ ውሽጢ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ተኸዊሉ ዝጸንሔ፣ ንብዙሓት ኤርትራውያን ብዝተፋላለየ ኣገባብ ዝቐንጸለ፣ ሎሚ ኣብቲ ዝለዓለ ቅሉዕ ተግባሩ ዝበጽሐ ኢዩ። ጫፍ በጺሕካ ንታሕቲ ምውራድ ግን ኩሉ ግዜ ኣሎ። ህ.ግ.ደ.ፍ. ዝወድቁላ ባይታ ይርእይዎ ኣሎዉ። ደጊምሲ ኣብ ልቢ ኤርትራውያን ቦታ ሲኢኖም ኢዮም።

ሰላም ንህዝቢ ኤርትራ
ረዘነ ተስፋጽዮን
ሽወደን